ትግርኛ / Tigrinya

# መሰልኪ/መሰልካ ኣብ ኣገባብ ዑቕባ



ሓበሬታ ንህጻናትን መንእሰያትን

**ኣብዚ መግለጽ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታት:**

- ☑ ሓገዝ ኣበይ ከምትረኽቡ
- ☑ ሕጋዊ መሰልኩም ከመይ ይመስል
- ☑ ኣገባብ ዑቕባ ኣብ ስዊዘርላንድ ከመይ ከምዝካየድ
- ☑ ቃለ መሕትት ዑቕባ እንታይ እዩ
- ☑ ኣብ ጉዳይ ዑቕባ ብከመይ ክትሳተፉ ከምትኽእሉ

## ሓገዝ ርኸቡ

ህጹጽ: 144
ፖሊስ: 117



**ውጥረት እንተሃልዩኩም ወይ ጸገም እንተሃልዩኩም:**

- Pro Juventute: 147
- ኣብቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘለዉ ኣለይቲ
- መምህራን

### ሕጋዊ ውክልናይ/መላብይተይ

ስም:

ቁጽሪ ተሌፎን:

ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

unicef.ch/
asylumprocedure

unicef for every child

mmi

ዩኒሴፍ ስዊዘርላንድን ሊክተንስታይንን ማሪ ማየርሆፈርን ኢንስቲትዩት ንህጻናት (MMI)፡ 2024

## ኣብ ኣገባብ ዑቕባ'ውን መሰል ህጻናት ይምልከት

ጽቡቕ ሰምዒት ክትሰምዓኩምን ጥዕና ክህልወኩምን መሰል ኣለኩም።



ዝሓሰብኩምን ዘድልየኩምን ክትዛረቡ መሰል ኣለኩም።



ብዛዕባ ንዓኹም ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ክትሕበሩ መሰል ኣለኩም



ናይ ድጋፍን ትምህርትን መሰል ኣለኩም።



መሰል ህጻናት ንኹሎም ክሳብ 18 ዓመት ዝዕ ድሚኦም ህጻናትን መንእሰያትን ይምልከት።

መንግስቲ ስዊዘርላንድ፡ ሰበስልጣን፡ ፖሊስን ኩሎም ዓበይትን፡ ህጻናትን መንእሰያትን መሰል ህጻናት ከኽብሩ ኣለዎም።

ድሕሪ መበል 18 ዓመት ምምላእኩም ንዓኹምን ንኩሎም ዓበይትን ሕጋዊ መሰል ወዲ ሰብ እዩ ዝምልከት።


መሰልኩም እንተዘይተኸ በረ፥ ጽቡቕ ኣይኮነን። ብዛዕባኡ ምስ ሓደ ሰብ ተዘራረቡ፦

መሰልኩም ዘመልክት ተውሳኺ ሓብረታ ኣብዚ ይርከብ

unicef.ch/
childrights



# ኣገባብ ዑቕባ ብኸመይ ይሰርሕ



**ናብ ስዊዘርላንድ ምእታው**

## 1 ዑቕባ ንምር ካብ ኣመልክቱ



- ኣፋዊ ወይ ብጽሑፍ
- ኣብ ሓደ ፌደራላዊ ማእከል ዑቕባ (BAZ)
- ኣብ ሓደ መቆጻጸሪ ዶብ ስዊዘርላንድ

## 2 ምዕራፍ ምድላው

- ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታ፣ ኣሰር ኣጻብዕቲ ወዘተ ምቕራጽን ምፍታሽን እዩ።
- ናይ መጀመርታ ደህሳስ ኣብ መንገዲ ምህዳም
- ምምዳብ ነጻ ሕጋዊ ውክልና / ጠበቓ

**ሕጋዊ ውክልና / ጠበቓ**

- ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባ ዝምልከት ሓበሬታ
- ኣብ ኣሰራርሓ ዑቕባ ሓገዝ
- ንቃለ መሕትት ምድላው
- መሰነይታ ናብቲ ቃለ መሕትት

## 3 ቃለ መሕትት ዑቕባ

እቲ ቃለ መሕትት ዑቕባ ምስ ሰራሕተኛታት SEM ዝግበር ዕላል እዩ። ሕጋዊ ወኪልኩም/ ጠበቓኹም እውን ኣብኡ ክህሉ እዩ።

SEM (Staatssekretariat für Migration) ግዝኣታዊ ሴክረታሪ ናይ ስደተኛታት) ኣብ ሕቶ ዑቕባ ዝውሰን ስዊዘርላንዳዊ በዓል መዚ እዩ።

ኣብቲ ቃለ መሕትት ዑቕባ ምኽንያታት ዑቕባ ክዝረበሉ እዩ፣ ማለት ናብ ሰደት ምውጻእኩም ስለምንታይ ኣድላዪ ከምዝነበረ ብዛዕባ ህሉው ኩነታትካን ካልእ ሰክፍታታትካን እውን እዩ።

ኣብቲ ቃለ መሕትት ዝተባህለ ኣብ መዝገብ ተጻሒፉ ኣሎ።

ካብ ህጻናትን መንእሰያትን ዝመጽእ መግለጺታት ወለዲ ዑቕባ ዝሓተቱሉ ምኽንያት ንምርግጋጽ ክውዕል ኣይክእልን እዩ።




**ቃለ መሕትተይ**

ዕለት / ሰዓት: ______________________

ቦታ: ______________________

## 4 ውሳነ ዑቕባ

SEM ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶ ይውሰን።



**ኣወንታዊ ውሳነ**

ኣብ ስዊዘርላንድ ጸኒሕካ ዑቕባ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።



**ኣሉታዊ ውሳነ**

ካብ ስዊዘርላንድ ክትወጽእ ኣለካ።

**ግዝያዊ ምእታው**

ኣብ መበቆል ሃገርካ ውሑስ እንተዘይኮይኑ እቲ ሓደጋ ክሳብ ዝሓልፍ ኣብ ስዊዘርላንድ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።

**ዱብሊን ኣገባብ**

መሰርሕ ዑቕባ ኣብ ካልእ ግዝኣት ኣብ ኤውሮጳ ክፍጸም ኣለዎ።

**ይግባይ**

እቲ ውሳነ እንተዘይተሰማማዕኩም ናብ ፌደራላዊ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም:::: ሕጋዊ ውክልና ፡፡ ጠበቓ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።



**ናይ ዕድመ ውሳነ**

ሓድሓደ ግዜ ዕድመ ንምፍታሽ ሕክምናዊ መርመራ ኣሎ።